ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስ ወረዳ ላዕላይ ፀለምቲ ንዝተፋላለዩ ኣብያተ ዕዮ ግልጋሎት ዝዉዕል በመደበኛ መንግስታዊ በጀትን ፣መሳርሒ ፅሕፈት፣ናይ መኪና ጎማን ባትርን ፣መለዋወጢ ኣቕሑ መኪና፣ ክዕድግን ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥቅምቲ 17, 2013 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 1, 2013 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:ፀለምቲ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 1, 2013 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድን: መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪን /TIN/ ምስክር ወረቀት ዘለዎን፤

2 ኣብ ናይ መቅረብቲ ዝርዝር ዝተመዝገበን መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል፤

3 ተወሳኪ እሴታ ታክስ ተመዝጋቢ ዝኾነን ናይ ወርሒ መስከረም 2013ዓም ተወሳኪ እሴታ ታክሲ ዲክለሬሽን ከቅርብ ዝክእል፤

4 ተጫረቲ ናይ ጨረታ መከበሪ ንሕድሕድ 5000 ብሰፒኦ ወይ ብሰርቲፋይድ ዝኾነ ቼክ ወይ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዙ ዝክእሉ፤

5 ጨረታ ሰዓሪ ነቲ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያን ናብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስ ወረዳ ላዕላይ ፀለምቲ ከቅርብ ዝክእል፤

6 ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ ከፊልካ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስ ወረዳ ላዕላይ ፀለምቲ ቢሮ ቁፅሪ 1 ብሰዓት ስራሕ ጥራሕ ምዉሳድ ይከኣል።

7 ዋና ሰነድ ጨረታ ምሉእ ሰነድን ቅዳሕን ብምግባር ኣብ ሐደ ፖስታ ዝተዓሸገ ናብ ሳንዱቀ ጨረታ ኣታዊ ይግበር፡

8 እቲ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 01/03/2013 ዓ/ም ዝፀንሕ ኮይኑ በቲ ዕለት ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት እንተዘይተረኪቦም እዉን ናይ ጨረታ ሕጊ ዘየማልእ እንተኾይኑ እቲ ጨረታ ካብ ምክፋት ኣይተኣጎልን።

10 ካብ ተጫራታይ በዝሒ ንብረት ወይ እዉን መጠን 20 ሚእታዊ ክዉስክ ወይ እዉን ክቅንስ ይክእል እዩ።

11 ተጫረቲ ዘእተዉዎ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዘ ን30 መዓልቲ እዩ።

12 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ ኣማራፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ዉይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ።

ንተወሳኪ ሐበሬታ 09 14 78 26 86

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle